ዳግመ ውዳበ ዲስትሪክት፡-

ኣብ'ቲ ዝቕረበ ካርታ ዘለካ ርኢቶ ቅድሚ ሕዳር 15,2022 ሃበና።



King County GIS Center

ኮሚሽን ዳግመ ውዳበ ዲስትሪክትታት ከተማ ሲያትል ዘዳለዎ ናይ ዲስትሪክትታት ዶብ

1

እቲ ኮሚሽን እተን ናይ ከተማ ቤት ምኽሪ ዲስትሪክት ዶባት ኣብ'ተን ዝቕጽላ 10 ዓመታት እንታይ ክመስላ ከም ዝኽእላ ዘርኢ ዕላው ዝኾነ ንድፊ ካርታ ኣዳልዩ ይርከብ። እቶም ዝስመሩ ሓደሽቲ ዶባት ኣብ'ቲ ናይ ከተማ ቤት ምኽሪ መን ከምዝውክለካ ኣብ ምውሳን ጽልዋ ዘሕድሩ እዮም።

2

ነቲ ዘሎን ዝቕረበን ዶባት ኣነጻጽሮ። ቆጸራ ህዝቢ 2020 መሰረት ብምግባር፡ ከተማ ሲያትል ካብ 2010 ጀሚሩ ብ 21.1% ዕቤት ኣርእዩ። በቲ ሕጋዊ መለክዒታት * መሰረት፡ ነፍሲ ወከፍ ኣውራጃ ኣብ ውሽጢ 1% ሓደ ዓይነት ብዝሒ ህዝቢ ክህልዋ ኣለዎ፣ እዚ ድማ ኣስታት 105,288 እዩ።

*ዝያዳ ኣብ ድሕሪ እዚ ገጽ ኣንብብ

ዲስትሪክት	ኣብዚ እዋን እዚ ዘሎ ብዝሒ ህዝቢ	ዝቕረበ ናይ ካርታ በዝሒ ህዝቢ
1	99,698	105,848
2	99,163	105,520
3	106,845	105,011
4	106,103	105,614
5	99,102	105,150
6	102,753	105,861
7	123,351	105,091

3

ኮምሽነራት ነዚ ሕቶታት እዚ እትህቦ ግብረመልሲ ይፈትውዎ እዮም፡-

- ጐረባብትኻ ኣበይ እዮም ዘለዉ?
- ጐረባብትኻ ሓባራዊ ባህልን ባህርያትን ማእሰርን ኣለዎምዶ?
- ብዛዕባ እቲ ትነብረሉ ከባቢ መንበሪ ኣባይቲ ምስ'ቲ ምምሕዳር ከተማ ዘለዎ ርክብ ሕሰብ። እቲ ኣብ'ተን ዲስትሪክታት ዝተኻየደ ናይ ዶባት ለውጢ ኣብ ልዕሊ እቲ ምስ'ቶም ወከልትኻ እተካይዶ ዕዮ ጽልዋ ዘሕድር ድዩ?
- እቲ ኣብ'ተን ዲስትሪክትታት ዝተኻየደ ለውጢ ነቲ ትነበረሉ ከባቢ መንበሪ ኣባይቲ ብኸመይ ክረብሖ ይኽእል?

ነዚ ኮድ QR ተጠቒምካ ርእይቶኻ ስደደልና።

4

ብዛዕባ መስርሕ እቲ ናይ ዳግመ ውዳበ ዲስትሪክትታት ዝያዳ ሓበሬታ ርኸብ፡-

- seattle.gov/redistricting
- ሕቶታት፡- ናብ elsa.batres-boni@seattle.gov ኢሜይል ለኣኽ

Seattle



King County GIS Center

እቲ ሐዚ ዘሎ ናይ ከተማ ምምሕዳር ዲስትሪክታት ዶብ

ሕጊታት ዳግመ ውዳበ ዲስትሪክታት**፡-

- እተን ዲስትሪክትታት ብዝተኽላ መጠን ነንሕድሕደን ማዕረ በዝሒ ህዝቢ ቁጽሪ ክሕዛ ኣለወን፣ ናይ'ታ ዝዓበየት ዝተብሃለት ዲስትሪክት በዝሒ ህዝቢ ካብ'ታ ዝነኣሰት ዲስትሪክት ካብ ሓደ ሚኢታዊ ንላዕሊ ብዝኾነ መጠን ክበልጽ የብሉን [በዝሒ ህዝቢ እታ ዝነኣሰት ዲስትሪክት]። እዚ ማለት ናይ'ታ ዝዓበየት ዲስትሪክት በዝሒ ህዝቢ ካብ'ታ ዝነኣሰት ዲስትሪክት በዝሒ ህዝቢ ልዕሊ 101% ብዝኾነ መጠን ክበልጽ የብሉን ማለት እዩ።
- እቲ ናይ ዶባት ምሕንጻጽ ብዝተኽላ መጠን ጥምር ዝበለን ዝተሓሓዝ ጂኦግራፊያዊ ዝኾነ ኣቀማምጣ ዘለወንን ዲስትሪክታት ንምፍጣር ዝዓለመ እዩ።
- እተን ዲስትሪክታት ንዝተወሰነ ፖለቲካዊ ፓርቲ ወይ ደርቢ ንምጥቃም ብዝብል ክመዓረረያ የብለንን ጥራሕ ዘይኮነ፣ እቲ ናይ በዝሒ ህዝቢ ዳታ ድማ ንዝተወሰነ ጉጅለ ብሄር ወይ ፖለቲካዊ ፓርቲ ንምጥቃም ብዝኽእል መልክዑ ኣብ ጥቕሚ ክውዕል የብሉን።
- እቶም ሓደሽቲ ናይ ቤት ምኽሪ ምምሕዳር ከተማ ዶባት ኣብ ዝኾነ ሰብ መንበሪ ቦታ ዝተመርኮዙ ክኾኑ የብሎምን። እቲ ኮሚሽንን እቶም ኣማኽርቲ GISን ነቲ ካርታኦም ኣብ ዘዳልውሉሉ ግዜ ናይ ዝኾነ ሰብ መንበሪ ቦታ ኣብ ግምት ከእትዉ የብሎምን።
- ብዝተኽላ መጠን፣ እቶም ሓደሽቲ ዝሕንጸጹ ዶባት ነ'ቶም ነባራት ዶባት ስዒቦም ክዳለዉ ኣለዎም።
- ብዝተኽላ መጠን፣ እቶም ሓደሽቲ ዶባት ዝፍለጡ ዋሕዚታትን ጂኦግራፊያዊ ዶባት ስዒቦም ክሕንጸጹ ኣለዎም።
- ብዝተኽላ መጠን፣ እቶም ሓደሽቲ ዶባት ነቶም ማሕበረሰባት ሴያትልን ከባቢታት መንበሪ ኣባይቲን ዝዕቅቡ ክኾኑ ኣለዎም።

**ንኡስ ክፍሊ ቻርተር ከተማ መ.ዳግመ ምምሕዳር ቤት ምኽሪ (3) ከምኡውን RCW 29A.76.010(4)

SEATTLE REDISTRICTING 2021-2023